ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ካብ ናይ ግሪን ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ካብ ናይ ግሪን ኢትዩጸያ ዝተረከበ በጀት ንቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ዓድዋ ግልጋሎት ዝዉዕል ህንፃ መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 18, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 3, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 3, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም

2 በቲ ዘፈር ናይ 2016ን 2017 ዓም በጀት ዓመት ፍቃድ ንግዲ ምስክር ወረቀት መቅረባይነት ዝሐደሰ

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዝተመዝገበ ምካኑ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል

4 ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገቡን ናይ መስከረም 2017 ም ሒሳብ ዘወራደርሉ መረዳእታ ዘቅርብ ክከዉን አለዎ

5 ሰነድ ጨረታ ካብ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈትን ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ከይዲ ስራሕ ዕድጋ ንብረት ምምሕዳርን ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይከኣል

5 ዝሰዓረ ተጫራታይ ድሕሪ ዉዕሊ ምእሳሩ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያን ብናይ ባዕሉ መፅዓንን መራገፍን ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓድዋ ጣብያ ሎገምቲ ፍሉይ ቦታ ማይ ዓይኒ ከቅርብ ዝክእል

6 መከበሪ ሰነድ ጨረታ ቢድ ቦንድ 15000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ አብ ኩነታት ዘይተመሰረት ዉሕስና ባንኪ ወይ በባንኪ ዝተረጋገፀ ሌተር ኦፍ ክሪዴት ከትሕዝ ዝክእል

7 ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ዝሐዘ ኮይኑ ድሕሪ ዉዕሊ ምእሳር ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ እቲ ንብረት ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓድዋ ከቅርብ ዝክእል

8 ሰነድ ጨረታ 18/3/2017 ዓም ጀሚሩ ክሳብ 3/4/2017 ዓም ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ ሰዓት 4:00 ንጉሆ ኣታዊ ኮይኑ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ንጎሆ ዝክፈት ኮይኑ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊያን ወከለቶም ብዘይምህላዎም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጎልን

9 ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ገዘ ካብ 15 ማዕልቲታት ዘይበልፅ ይከወን

10 ተጫረቲ ንዝቅርብዎ ንብረት ድማ እቲ ቤት ፅሕፈት ብዘቅርቦ እስፐስፊኬሽን ማለት እዉን ዝርዝር መዓቀኒ መሰረት የቅርብ

11 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ምዉሳክን ምቅነሳን ይክእል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ንብረት ፊርማን ማህተምን ክህልዎ ይግባእ

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914175554 0914787245 0914744942

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle